# ቃለ-መሕትት ፕረዚደንት ኢሳይያስ
# ምስ ጋዜጣ ኣልሸርቕ ኣልኣውሰጥ



**ትርጉም - ሱሌማን መሓመድ ስዓድ**

**ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ዋዕላ ንግስነት ስዑዲዓረብ-ኣፍሪቃ ኣብ ዝተሳተፈሉ መዓልታት፡ ምስ ጋዜጣ ኣልሸርቕ ኣልኣውሰጥ ቃለ-መሕትት ኣካዪዱ ነይሩ። እቲ ቃለ-መሕትት ኣብ ዞባዊን ዓለማዊን ጉዳያት፡ ኣብ ሽርክነት ስዑዲ-ዓረብ - ኣፍሪቃ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዘቤታዊ ጉዳያት ዘተኮረ እዩ ነይሩ። ምሉእ ትሕዝቶኡ ካብ ዓረብኛ ተርጒምና ነቕርበልኩም።**

*** ዝምድና ስዑዲ ዓረብ ምስ ሃገራት ኣፍሪቃ ፍሉይነት ዘለዎ'ዩ ተባሂሉ ይጥቀስ። ንስኻትኩም ከም ተሳተፍቲ ናይዚ ዋዕላ'ዚ፡ ፍሉይነቱ እንታይ'ዩ ትብሉ?**

**- የቐንየለይ። ከምቲ ዝበልካዮ ዋዕላ ስዑዲ ዓረብ-ኣፍሪቃ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታትን መድረኻትን ካብ ዝካየዱ ዘለዉ ዋዕላታት ፍሉይነት ኣለዎ። ኣብ መንጎ ኣህጉር ኣፍሪቃን ስዑዲ ዓረብን፡ ሓቐኛ ስትራተጂያዊ ሽርክነት ናብ ምድልዳል ዝቐንዐ ምኳኑን ኣብ ዝተሓላለኸ ዞባውን ኣህጉራውን ኩነታት ይካየድ ምህላውን ድማ ዝያዳ ኣገዳሲን ፍሉይን ይገብሮ።፡ ስዑዲ ዓረብ ገዚፍ ዓቕሚታት እትውንን ሃገር እያ። ኣፍሪቃ እውን ገዚፍ ባህርያዊ ጸጋታት ማለት 60% ካብ ጸጋታት ዓለም እትውንን፡ ልዕሊ 1.2 ቢልዮን ሰብኣዊ ዓቕሚ ዘለዋ ኣህጉር ብምኳኑ ኣብ መንጎ ስዑዲ ዓረብን ኣፍሪቃን ሽርክነት ክህሉ ሓባራዊ ረብሓኡ ዓቢ እዩ።**

*** ኣህጉር ኣፍሪቃ ዘለዋ ገዚፍ ሰብኣዊን ባህርያዊን ጸጋታት ስለምንታይ ክሳብ ሕጂ ክትጥቀመሉ ዘይክኣለት?**

ሓቂ ንምዝራብ፡ ኣፍሪቃ ዘጋጥማ ብድሆታት ብዙሕ እዩ። ምስ ካልእ ኣህጉራት ዓለምና ብምንጽጻር፡ ብምዕራባዊ ዓለም ዝተገለለት እያ። ብተወሳኺ ኣብ መብዛሕትኡ ከባቢታት ኣፍሪቃ ዘይርጉእ ፖለቲካዊ ኩነታት ዝፈጠሮ ቁጠባዊ ድሕረት ኣሎ። በዚ ቃለ-መጠይቕ ምኽንያት ህልው ኩነታት ኣፍሪቃ ንሽርክነት ስዑዲ-ኣፍሪቃ ተመላላኢ ክኸውን ሰፊሕ ባይታ ዝፈጥር'ዩ። ስዑዲ ዓረብ ጸጋታት ኣፍሪቃ ንምብርባር ዝበቅዕ ዓቕሚ ኣለዋ። እዚ ሽርክነት'ዚ ብግደኡ ንኩለን ኣህጉራት ዓለም ብኣወንታ ዝጸሉ እዩ። ንሓልክታት ዝሑል ኲናትን ፖለቲካ ዝሓለፈ 30 ዓመት ሃቐነ እንኮ ቁጥባዊ ስርዓትን ሰጊርና፡ ናብ ብዙሓዊ ዓለም ገጽና ንኸይድ ኣለና። ምስዚ ሓድሽ መድረኽ፡ ነቲ ኣብ ኣፍሪቃ ዘሎ ዓበይቲ ቁጠባዊ ዕድላት ስትራተጂያዊ ሽርክነት ብምፍጣር ረብሓ መጻኢ ወለዶታት እነውሕሰሉ እዋን ኣኺሉ ኣሎ። ብዛዕባ'ዚ ዘለናዮ መድረኽ ቅኑዕ መረዳእታ ክህሉ ኣለዎ። ካብዚ ቅኑዕ መረዳእታ ብምብጋስ ከኣ ኣገደስቲ ፕሮጀክትታት ብጥንቃቐን ብዕቱብን ብምንዳፍ፡ ልምዓታዊ ውጥናትን ምምዕባል ዓቕሚ ሰብን ዘጠቓለለ ፍኖተ ካርታ ስኢልካ ኣብ ተግባር ንምውዓሉ ዕቱብ ስራሕ የድሊ ኣሎ።

- **ነዚ ዝበልካዮ ስትራተጂያዊ ሽርክነት ምስ ስዑዲ ዓረብ ዘዐውት ዝበለጸ መንገዲ እንታይ እዩ?**

ሃገራት ኣፍሪቃ ዘለውኦ ኩነት ምቕያር የድሊ። ኣብ ከም በዓል ኒጀር፡ ሰኔጋል፡ ማሊ፡ ቡርኪናፋሶ፡ ጋቦን፡ ሱዳን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃን ካልእ ከባቢታትን ዘሎ ቅልውላዋትን ድኽመትን ንምውጋድ ምስራሕ የድሊ። 1.2 ቢልዮን ብዝሒ ህዝቢ እንውክልን ሃብታም ጸጋታት እንውንን ከም ምኳንና መጠን ካብ ዘየርብሕ ሕልምታት ተበራቢርና፡ ኩነታትና ከነመሓይሽ ግድን ኣድላዪ እዩ። ኩሉ ዓይነታት ብልሽውናን ዘይቅርዑይ ምሕደራ መንግስታትን ክንቃለሶ ኣለና። ናይ ደገ ምትእትታው ሓደጋኡ ፈሊጥና ከፋታት ክንዓብስ የድልየና። እዚ ምስ እንገበር ኢና፡ ናብቲ እንብህጎ ዓበይቲ ወፍርታት ብምስግጋር ንህዝብታት ኣፍሪቃ ዘላቒ ልምዓት ዘረጋግጽ ሓቀኛ ሽርክነት ምስ ንግስነት ስዑዲ ዓረብ ክንሃንጽ እንኽእል።

- **ምስ ንግስነት ስዑዲ ዓረብ ኣብ ጉዳይ ጸጥታዊ ውሕስነት ቀይሕ ባሕርን መስመራት ማይን ክህሉ ብዛዕባ ዘለዎ ምትሕብባር'ከ እንታይ ትብል?**

ሽርክነት ኤርትራን ስዑዲያን ኣብ ሓቀኛ ልምዓታዊ ውጥን ዝሰረተ ኩሉ መዳያዊ ተመላላእነት ዝጠልብ እዩ። እዚ ሽርክነት'ዚ ዝምድናታት ንግድን ወፍርን ኣሕዩሉ ናብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃን ካልኦት ጎረባብቲ ሃገራትን ብምስፋሕ፡ ንዓውድታት ጸጥታን ልምዓታዊ ወፍሪን ዘጠቓልል ክኸውን ንብህግ። ምኽንያቱ ክልተኣዊ ምትሕግጋዝ ደረት የብሉን። ምውሓስ ጸጥታ ቀይሕ ባሕሪ ከኣ ምስ ጂኦፖለቲካዊ ፍሉይነቱ ኣገዳሲ ክፋል ስትራተጂያዊ ሽርክነትና እዩ።

*እዚ ሽርክነት'ዚ ጸጥታዊ ስግኣት ንምግጣም፡ ናይ ነፍሲ ወከፍ ምስ ቀይሕ ባሕሪ እትዳወብ ሃገር ልኡላዊ ማያዊ ግዝኣት ንምውሓስ፡ ካብ ናይ ግዳም ምትእትታዋት ንምሕላዉ ዘኽእል መካኒዝም ኣብ ምፍጣር ዓቢ ግደ ዝህልዎ ሽርክነት እዩ። ዝኾነት ምስ ቀይሕ ባሕሪ እትዳወብ ሃገር ምስ ናይ ርሑቕ ሓይልታት እትገብሮ ርክባት ብምትሕብባርን ምምኽኻርን ኣባል ሃገራት ክሽውን ዝዕድም ሽርክነት እዩ። ኣብ ምምዕባል ዓቕሚ ሰብ፡ ትሕተቅርጺ፡ ኢንዱስትሪ፡ ጸዓት፡ ዕደና፡ ቱሪዝም፡ ዘመናዊ ቴክኖሎጂ፡ ማይ፡ ሕርሻ፡ ጥዕና፡ ትምህርቲ፡ ሃብቲ ዓሳን ሓምላይ ፕሮጀክትታትን ዝግበር ወፍርታት ንምዕባይ ዝሕግዝ ብሓጺሩ ኩሉመዳያዊ ሽርክነት እዩ።*

- ***ንሽምዚ ዝኣመሰለ ስትራተጂያዊ ሽርክነት ክዕንቅፍ ዝኽእል ብድሆታት ይረኣየካ'ዶ?***

*ብድሆታት ግድን ክህሉ እዩ። ኣህጉር ኣፍሪቃ ኣብ ዓለም ቀረብ መግቢ ክወሕስ ዝኽእል ዓቕሚ'ኳ እንተሃለዋ፡ እቲ ክሳብ ሕጂ ዝጸንሐ ክውንነት መሪር'ዩ። ዘመናት ዝገበረ ጸገማት ኣሎ። ምስ ዝኾነ ወገን ናይ ዓለም ስተራተጂያዊ ሽርክነት ከይትፈጥር ዝዕንቅፍ፡ ብቐዳምነት እቲ ዘሎ ሰልሚ ናይ ቅልውላዋት እዩ። ካብኡ ንምውጻእ ሓቢርካ ምስራሕ የድሊ። ሃገራት ምዕራብ ጸጋታት ኣፍሪቃ ዝዘምታሉ ዘለዋ ሃንፋት ምርጋጥ የድሊ። ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ'ዚ ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃ ምስ ዘለዉ ኣሕዋት ተዘራሪበ እየ። ከም ኣብነት እቲ ፈረንሳ ትዘምቶ ዘላ፡ ኤውሮጳ ኣብ ኒዩክለሳዊ፡ ኤለክትሪካዊን ካልእን እትጥቀመሉ ዘላ ሃብቲ ዩራንየም ኒጀር ክንጥቀስ ንኽእል ኢና። እዚ ሃብቲ'ዚ ህዝቢ ኒጀር ንልዕሊ 50 ዓመታት ኣብ ምምሕያሽ መነባብሮኡን ምምዕባል ቁጠባኡን ፋይዳ ኣይረኸበሉን። እዚ ድማ፡ ብሰንኪ ጌጋታት ፖለቲካዊ ቁጠባዊ ማሕበራዊን ባህላዊን ስርዓታት ኒጀር ምኳኑ ጠቒሰሎም። ግደ ሓቂ፡ ምስ ፈረንሳ ይኹን ምስ ዝኾነት ምዕራባዊት ሃገር ብሽርክነት ክትሰርሕ ጸገም ኣይኮነን። እቲ ሽርክነት ፍትሓዊ ኮይኑ ህዝቢ ካብ ጸጋታቱ ተጠቃሚ ክሳብ ዝኾነ። ካልእ ኣብነት ሱዳን ንውሰድ። ሱዳን መሶብ መግቢ ዓለም ምኳናን ማእለያ ዘይብሉ ሃብቲ ከምዘለዋን ካብ ቁልዕነትና ጀሚርና እንፈልጦ እዩ። ምስዚ ኹሉ ግን፡ ሱዳን ክሳብ ሕጂ ካብ ወጻኢ ሃገራት ሓገዝ እትጽበ ሃገር እያ። ስለዚ ውሽጣዊ ኩነታትና ማለት ፖለቲካዊ፡ ጸጥታዊ፡ ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊ፡ ከምኡ'ውን ባህላዊ ኣካዪዳና ኣሪምና ምስ ካልኦት ሃገራት ወይ ኣህጉራት ብሽርክነት እንረብሓሉ ኩነታት ክንፈጥር ኣለና እየ ዝብል። ምስ ስዑዲ ዓረብ ዝግበር ሽርክነት ውሽጣዊ ጌጋታትና ክንእርምን ካብ ጸጋታትና ተጠቀምቲ ክንከውንን ክሕግዘና ዝኽእል እዩ። በተን ኣብ ሃገራት ኣፍሪቃ ኣጀንዳአን ንምፍጽም ዝሰርሓ ናይ ደገ ሓይልታትን ብኣታተን ዝዝወራ ኣጋገይቲ ሚድያታትን መናፍሕ ዝግበረሉ፡ ብግብሪ ግን ረማሲ፡ ኤትንክን ቀቢላን መሰረት ዝገበረ ደሞክራሲ፡ ናይ ሓሶት ሓርነታትን ህዝባዊ ተሳትፎን ወጺእካ ብሓቂ ንረብሓ ህዝቢ ዝጠቅም ስርዓት*

ንምምዕባል፡ ምስ ስዑድያ ምሽራኽ ኣብነታዊ ዕድል'ዩ ክበሃል ይከኣል። ስለዚ ሽግራት ኣፍሪቃ ብጭቡጥ ክፍለጥ ኣለዎ። ህዝቢ'ውን ግድን ከምዝፈልጦን ከም ዝነቕሓሉን ክግበር ኣለዎ። ኣብ ርእሲኡ ቁጠባ ኣፍሪቃ ግና ጀማሪ ከም ምኳኑ መጠን፡ ሞያዊ ዓቕሚ ሰብ ንምዕባይ ክስርሓሉ ኣለዎ። በዚ መገዲ'ዚ ንቕሓት ብምዕባይ ዕድላት ብምፍጣርን ፍልሰት መንእሰያት ናብ ኤውሮጳ ንምዕጋቱ ብድሆ ከምዘይኮነ ምግንዛብ የድሊ። ኣፍሪቃ ጸገማታ እንተዘይፈቲሓ ግን፡ ፍረ ዘለዎ ሽርክነት ክህሉ ኣጸጋሚ እዩ።

- **ዓቕምታት ኣህጉር ኣፍሪቃ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ንምብጻሕ ዝዕንቅፍ፡ ኣብ ሽርኽነት ኤውሮጳን-ኣፍሪቃን ገለ ጉድለት ኣሎ ማለትካ ድዩ?**

ናይ ጻዕዳን ጸሊምን መግዛእቲ ኤውሮጳውያን ቀደም ዘብቅዐ ታሪኽ'ዩ ይበሃል ይኸውን እምበር፡ ሎሚ እውን ዘመናዊ መግዛእቲ ኣሎ። “ዘመናዊ ባርነት” እየ ዝብሎ። ቀጥታዊ መግዛእቲ ድሕሪ ምብቕዑ፡ መስረትቲ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ኣቦታት፡ ባህጎምን ሕልሞምን ከዐውት፡ ነታ ኣህጉር ናብ ምዕባለ ከሰጉማ ዝኽእል ናብ ግብራውነት ዝቐረበ ብልሒን ንቕሓትን ነይሩዎም እዩ።፡ ናይ ገዛእ ርእስና ሰንደቕ ዕላማ ከነንበልብል ዕድል ብምሃብ፡ እቲ ኣረጊት መግዛእቲ ተኣልዩ ንሓድሽ መግዛእቲ ምስ ኣረከበና፡ እቲ ዝስዓበ ሃዋህው ብናይ ሓሶት ጭርሖታት ናጽነት፡ ደሞክራሲ፡ ሰብኣዊ መሰላትን ካልእን ውሱን ሓይሊ ብምዕሳብ ካብ ሳንዱቕ ድሕረትን ምብትታንን ከምዘይንወጽእ እዩ ገይሩና። እዞም ሓይልታት እዚኣቶም ኣብ ክድምናን ሃሱስነትን ተጸሚዶም ውጥናት መግዛእቲ ዝፍጽሙ ደኣ እምበር ሃገራውያን ካድራት ኣይኮኑን። እዚ ድማ፡ ገዛእቲ፡ ሃብቲ ኣፍሪቃ ንኽዘምቱ ምቹእ ባይታ ፈጢሩሎም። ካብዚ ክውንነት'ዚ ንምውጻእ ኣፍሪቃውያን ኣካዪዳኦም ክቕይሩ፡ ዓቕሞም ወዲቦምን ኣተሓባቢሮምን ንምዕባለ ሃገራቶምን ምምሕያሽ መነባብሮ ህዝቦምን ክሰርሑ የድሊ። ነዚ ንምግባር ኣንጻር ብልሽውና ብትሪ ምቅላስ፡ ከፊላዊ ፍታሕ ዘይኮነ መሰረታዊ ፍታሕ ምጥማት፡ ካብቲ ዘየህጥርን ካብ ጥሜት ዘየናግፍን መደናገሪ ናይ ሓሶት ጭርሖታት ምውጻእ የድሊ።

- **ተራ ሕብረት ኣፍሪቃን ውድብ ኢጋድን'ከ እንታይ ክኸውን ኣለዎ ትብል?**

“ሓቂ ምቕባል ጽቡቕ ባህርይ'ዩ” ከም ዝበሃል፡ መስረትቲ ናይዘን ውድባት ብልህነት፡ ፍልጠትን ራእይን ዝነበሮም እኳ እንተኾኑ፡ ኢጋድ፡ ሕብረት ኣፍሪቃ ይኹን ካልእ ኣፍሪቃዊ ምትእኽኻብ ከምቲ ዝድለ ንጡፍ ክኸውን ከምዘይክኣለ ክንኣምን ይግባእ። ቅድሚ ሕጂ ኣብ ኣሰራርሓ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ድኽመት ከምዘሎ ብምእማን ኣቋውማኡን ኣሰራርሓኡን ጸጊንካ፡ ንሕብረት ኤውሮጳ ክመስል ተባሂሉ ‘ሕብረት ኣፍሪቃ’ ዝብል ስያመ ተዋሂቡዎ። ውጽኢቱ ግን ባዶ እዩ ነይሩ። ካብ “ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ” ናብ ‘ሕብረት ኣፍሪቃ’ ዝነበረ ምስግጋር ኣገባብ ዝጎደሎን ግጉይን እዩ ነይሩ። ነቲ ዝነበረ

ስክፍታታት ዝቕንጥጥ ተስፋ ዝግበረሉ እማመታት ኣይነበሮን። በዚ ድማ ንተልእኾ ኣፍሪቃዊ ምትእኽካብ ዝያዳ ኣፍሺሉዎ እዩ። ንመድረኽ ዝምጥንን ምዕባለታት ዝግንዘብን ኣማራጺ ቅርጺ ከይፈጠረ ንኤውሮጳዊ ሕብረት ክመስል ምፍታኑ ልክዕ ኣይነበረን። ኣባላት'ቲ ውድብ መንግስታትን ፖለቲካዊ ስርዓታትን "ምምኽኻር" ብዝብል ምስምስ ውሳነታቶም ንናይ ደገ ሓይልታት ኣሕሊፎም ዝህብሉ ኩነት'ዩ ተፈጢሩ። በዚ ድማ ንኣፍሪቃዊ ግርጭታትን ዘይምርድዳእን ኣፍሪቃዊ መፍትሒ ክረኽቡሉ ኣይከኣሉን። ዝምድና ኣባል ሃገራት ድሕሪ 20 ዓመት እውን እንተኾነ ካብ ሓፈሻዊ ርክባት ክሓልፍ ኣይከኣለን። ስለዚ ነቲ ጸገም ብልክዕ ኣጽኒዕካ ሽግራት ኣህጉር ኣፍሪቃ ክፈትሕ ዝኽእል፡ ጸጥታን ምርግጋእን ዘስፍን፡ ኣብ መንጎ ሃገራትን ኣብ ውሽጠንን ዝርአ ፍልልያት ንምውጋድ ዘኽእል ኣካል ምምዕባል የድሊ። ኢጋድ ክምስረት እንከሎ ዝነበሮ ዕላማ ወራር ኣንበጣ ምምካት እዩ ነይሩ። ድሕሪኡ ንልምዓት ክሰርሕ ተባሂሉ ዕላማታቱ ከምዝሰፍሕ ተገይሩ። እቲ ዝተሓስበ ልምዓታዊ መደባት ቅድሚ ምጅማርና ግን ኣብ ቅድመና ክእለዩ ዝግበኦም ናይ ጸጥታ ብድሆታት ተኸሲቶም። እቲ ዘጋጠመ ብድሆታት ነቲ ወድብ ኣልሚስዎ። ኣባል መንግስታት ናይ ደገ ተልእኾታት ኣብ ምስሳይ ተጸሚዶም። ከም ውጽኢት ናይዚ ድኽመት'ዚ ኣብ 2006 ኣብ ሶማል ወራር ተኻዪዱ። ገና'ውን ኣጀንዳ ናይ ግዳም ሓይልታት ብዝተፈላለዩ ስርዓታትን ኣፍሪቃዊ ምትእኽኻባትን ይሳሰ ኣሎ። ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ኢጋድ፡ ኤኮዋስን ካልእ ምትእኽኻባትን ንግዳማዊ ምትእትታው ዘተባብዕ ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ። ንኣብነት ኤኮዋስ ኣብ ኒጀር ወተሃደራዊ ምትእትታው ክገብር ይደናደን ኣሎ። ወተሃደራዊ ምትእትታው ኣብ ኒጀር ይኹን ኣብ ማሊ ግን መወዳእታኡ ንረብሓ መን እዩ? እዚኣቶም ኣብ ኣፍሪቃ ዝፍጸሙ ዘለዉ ንህዝቢታት ኣፍሪቃ ዘየርብሑ ተዋስኦታት ኮይኖም፡ ብትብዓት ምምካቶም የድሊ። ወድዓዊ ገምጋም ብምኽያድን ዳግመ ወድባ ኣፍሪቃዊ ምትእኽኻባት ብምግባርን እዚ ሽግራት እዚ ይጽናሕለይ ከይበልና ብቕልጡፍ ከም ዘብቀዕ ክንገብር ኣለና። በቲ ዘጋጠመ ፍሽለት ተኣሚንካ ውጽኢታዊ መተካእታ ብምፍጣር፡ ንቑሕ ተሳትፎ ህዝቢ ኣብ ኩሉ መዳያዊ ህንጻት ኣፍሪቃ ምኹስኳስ የድልየና። እንተዘይኮይኑ እቲ ዝስዕብ ዝኸፍአ ክኸውን እዩ። ብወገነይ ኣፍልጦን ንቕሓትን ህዝቢ ኣፍሪቃ ንምብራኽ፡ ክኢላታትን ሓሰብትን ብምዕዳም ኣፍሪቃዊ ጎስጓስ ክካየድ ይጽወዕ። እዚ ጎስጓስ'ዚ ድማ ብዝተጸንዐ ዝርዝራዊ ውጥናት ዝበዝሐ ህዝቢ ዘሳተፍ ክኸውን የድሊ።

- **ሕብረት ኣፍሪቃን ኢጋድን ንቅልውላው ሱዳን ኣጋዲዶሞ'ዶ ይመስለካ?**

ግደ ኣፍሪቃ ኣብ ጉዳይ ሱዳን ዘሕፍር ኮይኑ፡ ቅድሚኡ ክለዓል ዘለዎ ሕቶ ግን፡ እቲ ኣብ ሱዳን ዘጋጠመ ኩነታት ብኸመይ መጺኡ? ዝብል እዩ። ብዛዕባ'ዚ ኣፍልጦ ስለዘየለ፡ ኩሎም ውድባት ኣፍሪቃ፡ ከምኡ'ውን ሕቡራት ሃገራት

ፍታሕ ኣብ ምምጻእ ፈሺሎም እዮም። ቅልውላው ሱዳን፡ ነዞም ውድባት ናይ ብሓቂ ፈተና እዩ ነይሩ። ብዝሒ ተበግሶታት፡ ብዝሒ መናብር ዘተ፡ ናይ ግዳም ምትእትታው ዕድል ንኸረክብ ደይ መደይ ኢልካ ዝተኣልመ ውዲት እዩ ነይሩ። ጂኦግራፍያዊን ታሪኻዊን ምትእስሳር ኣብ ግምት ብምእታው፡ ሱዳናውያን ተዘራሪቦም ፍታሕ ንኸምጽኡ፡ ናይ ኣመሪካ ምጽንባር ከየድልየ፡ መንበር ጅዳ መኣኸለ ነይሩ ዝብል እምነት ኣለኒ። ጉዳይ ሱዳን ጸገም ኣህጉር ኣፍሪቃን ዞባናን ስለዝኾነ፡ ፍታሕ ኣብ ምምጻእ ግድን ኣወንታዊ ኣበርክቶ ኣፍሪቃውያንን ሃገራት እዚ ዞባን ዘድልዮ እዩ። እቲ ፍታሕ ኣብ ኢድ ሱዳናውያን ባዕሎም ምዃኑ ዘሎኒ እምነት ኣብ ቦታኡ እናሃለወ፡ ናይቶም ንሱዳንን ህዝባን ብቕንዕና ዝድግፉ ኣበርክቶ ኣገዳሲ እዩ። • ስለምንታይ'ዩ ግጭት ሱዳናውያን ዝናዋሕ ዘሎ? ካብ 2020 ጀሚሩ፡ ኣብ 2021ን 2022ን ኣብ ሱዳን እንታይ ይፍጸም ከምዘሎ ንምርዳእ ክጽዕር ጸኒሐ። ኣብ ሱዳን ዘሎ ሕልኽላኽ ጸገማት ውጽኢት ግዳማዊ ምትእትታውን ኣጀንዳታቶምን ምዃኑ'የ ተረዲአ። ብዘይ ሞንተ፡ ሱዳናውያን ሕርያኦም ንምምሕያሽ ክለዓሉ ጠንቂ ዝኾነ እቲ ዝነበረ ስርዓት እዩ። ህዝቢ ንባዕሉ ንባዕሉ ተወዳዲቡ'ዩ ናዕቢ ኣለዓዒሉ። ዝኾነ ፖለቲካዊ ሓይሊ ይኹን ውድብ 'ዋና ሰውራ ታሕሳስ 2019' እየ ክብል ኣይክእልን። ሱዳን ኣብ 1956 ናጽነት ካብ እትጎናጸፍ ጀሚሩ ክቕጽል ዝጸንሐ ናይ ህዝቢ ቃልሲ'ዩ። ህዝቢ ሱዳን ኣብቲ እዋን'ቲ ስልጡን ባህልን ፍልጠትን ዝውንን ካብ ካልኦት ኣፍሪቃውያን ዝሓሸ ዕድላት ዝነበሮ ህዝቢ እዩ። ኣብ ዘመን ስልጣን ስርዓት ኣልእንቃዝ ግን ኣብታ ሃገር ፖለቲካዊ ባዶነት ኣጋጢሙ። ብድሕሪኡ ሰውራ መጺኡ። እቲ መሰጋገሪ ምዕራፍ'ቲ ቅኑዕ ንባብ የድልዮ ነይሩ። ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ግን፡ ብናይ ደገ ኣጀንዳታትን ዘቤታዊ ድጋፍን እቲ መስርሕ ተሓጺቡ። ምኽንያቱ ሱዳን ብምኽንያት ጂኦግራፍያዊ ኣቀማምጣኣን ቁጠባዊ ጸጋታታን ዒላማ ስለዝኾነት። እዚ ሕጂ ዘሎ ቅልውላውን ሓልክታቱን ካብኡ ዝጅምር እዩ። እቲ ምትእትታው ኪኖ ሱዳን ሰጊሩ ንኻልእ ምትሕልላኻት መድረኽ ንምፍጣር ዝዓለመ እውን እዩ ነይሩ። ኣነ ፍታሕ ከምጽእ ዝኽእል ናይ ተበግሶ ሰነድ ኣሎኒ። ናብ ሚድያ ከቕርቦ ኣይደልን። ናብ ጎረባብቲ ሃገራት ግን ክቕርቦ እኽእል እየ። ምኽንያቱ ምርግጋእ ሱዳን ንጎረባብቲ ሃገራት ኮነ ንኹሉ ኣገዳሲ እዩ። ሱዳናውያን ከኣ ባዕሎም ናብ ድሕነት ከብጽሖም ዝኽእል ወሳኒ ናይ ምውሳድ መሰል ኣለዎም። ኣረጋጊጸ ክብሎ ዝደሊ ናቶም ውሳነ ካብቲ ምስ ናይ ደገ ኣጀንዳታት ዝተኣሳሰርን ካብ ዘተፈላለያ ርእሲ ከተማታት ኣፍሪቃ ብገለ ፖለቲከኛታት ዝመጽእን ውሳነ ዝተፈልየ እዩ።

• **ትሕዝቶ ናይዚ ተበግሶ'ዚ ቅሩብ ክትእምተልና ይከኣል'ዶ?**

እቲ ሓሳብ ናብ ጎረባብቲ ሃገራት ከቕርቦ እየ። ኣብ ማዕከናት ዜና ግን ኣይገልጾን እየ። ብዘይ ቃል ዓለም ህዝቢ ሱዳን ኣብ ብዙሓት ካልኦት ህዝቢታት

ዘይርከብ ባህልን ንቕሓትን ዘለዎ ህዝቢ'ዩ ዝብል እምነት ኣለኒ። ካብ 1956 ዝጀመረ ሃብታም ተመክሮ ኣለዎ። ሱዳናውያን ጸገማቶም ንምፍታሕ ብቑዓት እዮም። እንተደልዮም ንጎረባብቲ ሃገራት ከካፍልዎ ዝኽእሉ ኣማራጺታት እውን ኣለዎም። እቲ ዘሎ ቅልውላው ብዘይ ወገንነት፡ ምስ ናይ ደገ ዛዕባታት ከየተኣሳሰርካ ክፍታሕ ዝኽእል እዩ። ስለዚ ኩሎም ናይ ዘተ ተበግሶታት ካብ ናይ ደገ ምትሕልላኽ ርሒቖም ኣብ ሓደ መኣዲ ኣብ ከም ተበግሶ ጅዳ ክዓስሉ የድሊ። በዚ መገዲ'ዚ ሃዲእካ እንተነውሐ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወይ ክልተ ዓመት ቅልውላው ሱዳን ፍታሕ ክርከቦ ይኽእል'ዩ ዝብል ርእይቶ ኣሎኒ። ቅኑዕን ክውንነታዊን ስጉምቲታት፡ ንጹር መርሓ ጎደና ሒዝካ፡ ብደገፍ ኩሉ ደላይ ጽቡቕ ናይ ህዝቢ ሱዳን ፍታሕ ክርከቦ ዝኽእል'ዩ። ዝያዳ ኹሉ ኣብ ልዕሊ ሓድነት ሱዳን ሓደጋ ከይመጽእ ምጥንቃቕ የድሊ። ከምቲ ክኸውን ዘይነበሮ ግን ከኣ ብግብሪ ዘጋጠመ ምንጻል ደቡብ ሱዳን ከየጋጥም ብጥንቁቕ መገዲ ክተሓዝ ዘለዎ ጉዳይ'ዩ። እዚ ናይ ደቡብ ሱዳን ጉዳይ ናተይ ርእይቶ ዘይኮነ ደቡብ ሱዳንውያን ባዕሎም ዝዛረቡዎ እውን እዩ። ምኽንያቱ ምንጻል ዝብል ኣምር ዘዕመቖ ናይ ደገ ምትእትታው እዩ። ዶክተር ጆን ጋራንግ ሓንቲ ሱዳን ዝብል ሓሳብ'ዩ ነይሩዎ። ካብዚ እንመሃሮ፡ ቅልውላው ሱዳን ሓድነት ሱዳን ብዘረጋግጽ መገዲ ክፍታሕ ከምዘለዎ እዩ። ኣብ መንጎ ወተሃደራትን ሲቪልን ዘሎ ፍልልያት ከግፈሕ ካብ ዝፍትን ዝንባለን ሓሳባትን ምርሓቕ የድሊ። ፍታሕ ክርከብ እንተኾይኑ ኣብ መወዳእታ ዘይብሎምን ዘይጠቕሙ ኣካታዕቲ ጉዳያትን ምትራር ተወጊዱ ኣብቲ ዝዓበየ ዕላማ ምስማር የድሊ።

• **ኣብ ሱዳን ካልኦት ፖለቲካውያን ሓይልታት ኣለዉ፡ ናቶም ግደ'ኸ?**

እቲ ዘሕዝን፡ ነዚ ንብሎ ዘለና ፍታሕ ከምጽኡ ብቕዓት ዘለዎም ፖለቲካውያን ሓይልታት ኣለዉ ክበሃል ኣይከኣልን። ዓቕሚ የብሎምን። ካብቲ ቀንዲ ጉዳያት ኣቓልቦ ክገዝኡን ዘየድሊ ተወሳኺ ምትሕልላኽ ብምፍጣር ፍታሕ ከደናጉዩን ንግዳማዊ ምትእትታው ዕድል ክፈጥሩን እንተዘይኮይኑ፡ ወሳኒ ግደ ክጻወቱ ዝኽእሉ ኣይኮኑን።

• ግጭት ቓዛ ብሓፈሻ ድማ ጉዳይ ፍልስጤም ኣብ ዘሕዝን ኩነታት ይርከብ። ተኹሲ ደው ንምባል ብደረጃ ኣህጉር ኣፍሪቃ ይኹን ኤርትራ ዝካየድ ጻዕርታት ኣሎ'ዶ? ህልው ኩነታት ቓዛ ብኹሉ መለክዒታት ኣዝዩ መሪር እዩ። ንምስሉይነት ዓለማዊ ስርዓትን ኣህጉራዊ መርገጺ ዓበይቲ ሓይልታትን ዕርቃኑ ዘቃልዕ ድማ እዩ። ቅድሚ ሰላሳ ዓመት ምስ ገለ ኣባላት ምንቅስቓስ ፍልስጤም ብፍላይ ድማ ምስ ነፍስሄር መራሒ ፍልስጤማውያን ያሲር ዓራፋት ኣብ ኣተሓሕዛ ጉዳይ ፍልስጤም ክንዛረብ ከለና ስምምዕ ኣይነበረናን። ምኽንያቱ 'ፍታሕ ክልተ ሃገራት' ጉዳይ ፍልስጤም ኣቓልቦ ከይረክብን ንኽናዋሕን ዝተኣልመ ምትላል ደኣ እምበር ግብራውነት ኣይክህልዎን እዩ እብሎም ነይረ። በዚ ድማ ንስኹም ህዉኻትን ስምዒታውያንን ኢኹም ይብሉና ነይሮም። ሎሚ

*ድሕሪ ልዕሊ 30 ዓመት እቲ ሓቂ ነጺሩሎም ይኸውን። ምኽንያቱ ፍታሕ ክልተ ሃገራት ከምኡ'ውን ስምምዓት ኦስሎን ድሕሪኡ ዝሰዓበን ካብቲ ሓቀኛ ፍታሕ ንምህዳም ዝተኣልመ ውዲት ምዃኑ ጽቡቕ ገይሩ ተጋሂዱ ስለዘሎ። ብወገነይ መሰል ርእሰ ውሳነ ፍልስጤማውያን መተካእታ የብሉን። ንምርግጋእን ጸጥታን እቲ ዞባ ድማ ወሳኒ እዩ። እቲ ሕጂ ኣብ ቓዛ ዝረአ ዘሎ ትራጀዲ ነዚ ሕቶ'ዚ እዩ ዘለዓዕል። ንምንታይ'ዩ ፍታሕ ክሳብ ክንዲ'ዚ ተናዊሑ? ብሓቂ እንተደኣ ርኢና፡ እዚ ኣካላት ካብ ምድንዛዝ ሓሊፉ ካብ ሕማም ዘየሕዊ ኣተሓሕዛ፡ ንህዝቢ ፍልስጤም ከቢድ ዋጋ'ዩ ዘኽፍሎ ዘሎ። እስራኤል “መሰል ርእሰ ምክልኻል” ብዝብል ተዋስኦ ንፍልስጤማውያን ንነዊሕ ዕቑዳት ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዳጕና ብቐጻሊ ቅትለት እናፈጸመት ብማሕበረሰብ ዓለም ክትእመን ምኽኣላ ኣዝዩ ዘገርም እዩ። ምስ ኣያታት እስራኤል ንምግጣም እምበኣር ቅድም ቀዳድም ዓለማዊ ህዝባዊ ርእይቶ ምጽላውን ሓያል ውዳበን የድሊ። • ኣብ መወዳእታ ብዛዕባ ዘቤታዊ ጉዳያትኩም ክሓትት። ቁጠባዊ ኩነታት ንምምሕያሽ ዝወጠንኩሞ መደባት ዕላምኡ ወቒዑ'ዶ? ሓቂ ንምዝራብ፡ ክሳብ ሕጂ 25 ሚእታዊት ካብ ባህግናን ዓቕምናን እውን ኣይበጻሕናዮን ዘለና። እንተኾነ ብዛዕባ ምምሕያሽ ቀጠባ ቅኑዕ መረዳእታ ክህሉ፡ ቀዳምነታት ብምስራዕ፡ ዕድላት ዘስፍሕ ባይታ ንምውዳድ ብውጥን ንሰርሕ ኣለና። ከም ሓይሊ ኤሌክትሪክ፡ ጸዓት፡ ትሕተ-ቅርጺ፡ ንኹሉ ኢንዱስትሪታት ዘድሊ ኣገልግሎታት፡ ምሕደራን ተጠቃምነትን ሃብቲ ማይ ዘሰስን ህንጻት ዲጋታት፡ ምትእትታው ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ዝኣመሰሉ ዕማማት ነሰላስል ኣለና። ምስፋሕን ምምዕባልን ሕርሻዊ ንጥፈት፡ ልምዓት ኣሕምልት ፍረታትን፡ ሃብቲ ዓሳ፡ ምስሳን ሃብቲ ጥሪትን ጸባን ዘጠቓልሉ መደባት እውን ንትግብር ኣለና። ኣብ ምስሳን ሃብቲ ማይ 40 ሚእታዊት ዕቤት ኣመዝጊብና ኣለና። ነዚ ሃብቲ'ዚ ብኸመይ ዝያዳ እናወሰኽናሉ ንኸይድን ብኸመይ ብኣድማዕነት ክንጥቀመሉ ንኽእልን ሓደ ካብቲ ቀዳምነት ሂብና ንጽዕረሉ ዘለና ስርሓት እዩ። ኣብ ዕደና ካብቲ ዘለና ሃብቲ ክሳብ ሕጂ ዝተጠቐምናሉ፡ 5 ሚእታዊት እውን ኣይበጽሕን እዩ። እዚ ጸላት'ዚ፡ ኣብ ሃገራዊ ስትራተጂ ልምዓት ካብቶም ኣቓልቦ ዝወሃቦም መሰረታውያን ጽላታት እዩ። ልዑል ዝደረጃኡ ኮባልት፡ ማንጋኒዝ፡ ወርቂ፡ ነሓስ፡ ዚንጎን ካልኦት ማዕድናትን ኣለዉና። ልምዓታውን ኢንዱስትርያውን ፕሮጀክትታት ንምብጋስ ድማ፡ ምስ ጎረባብትና ብፍላይ ምስ ስዑዲ ዓረብን ምስ ካልኦት ሃገራት ከም ቻይና፡ ኣውስትራልያ፡ ካናዳን ኤውሮጳን ሽርክነት ብምፍጣር፡ ዘላቒ ልምዓት ንምድንፋዕ ዘኽእለና ትሕተ-ቅርጺ፡ ጽርግያታት፡ መጓዓዝያ፡ ከምኡ'ውን ኣቕርቦት ጸዓት ንምምሕያሽ ንሰርሕ ኣለና።*

**• ብዛዕባ ዘቤታዊ ፖለቲካዊ ጽገናኽ እንታይ ትብል? ንተቓወምቲ ዘአንግድ ድዩ?**

ኣብ ዝርዝር ከይኣተኹ ተቓውሞ ዝበሃል በቲ ልክዕ መግለጺኡ የለን። ኣብ ወጻኢ ግን ሃሱስነት ኣሎ። ብዛዕባ'ዚ ሓቂ'ዚ ዝያዳ ኩሉ ንህዝቢ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ባዕሉ ስለዝፈልጦ ክምልሰልካ እዩ። እቲ ንዘመናት ዘተኻየደ ገድልን ህዝባዊ ዕጥቃዊ ቃልሲን፡ ኣብ መንጎ ህዝቢን መንግስቲን ድልዱል ናይ ምትእስሳርን ምትሕግጋዝን ኩነታት ፈጢሩ'ዩ። ሓድነት ህዝቢ ዘስጠመ ፖለቲካውን ባህላውን ኩነት እውን ፈጢሩ እዩ።፡ ኣብ ገለ ሓሳባት ፍልልያት እንተሃልዩ፡ ከም ተቓውሞ ዘይኮነ ከም ንሓባራዊ ረብሓ ዘገልግል ኣረኣእያ እዩ ዝውሰድ። ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ፡ ኣብ ብዙሓት ሃገራት 'ተቓውሞ' እናበልካ፡ ጉጅለታት እናፈጠርካ እቶት ምኽዕባት ፋሽን ኮይኑ ምህላዉ እዩ።

*ሓዳስ ኤርትራ 23 ሕዳር 202*